*"ዘራጊት ማይ ዘላተን ኣሓ ጽሩይ ማይ ነይሰትያ"*

*ኣብ ሓደ ከባቢ ዝርከቡ መንግስታት፡ ዘለዎም ባዕላዊ ድዩ ወድዓዊ ጸገማት ንምፍታሕ ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ ኮፍ ኢሎም ብሰላም ብምጽውዋር ብእሂን ምሂን ክፈትሑ ዝወስድዎ ተበግሶ ክተባባዕ ይግባእ። ቀዲሙ ግን ተበግሶ መን ምስ መን? ኣብ ምንታይ ዝተሰረተ? ዝብል ሕቶ ክለዓልን ግቡእ መልሲ ክረክብ ኣለዎን። ከም'ቲ "ካብ ሓቂ ወጻኢ ጽድቂ ኣይርከብን" ዝበሃል፡ ብዙሓት ወገናት ኣብ ዝዋስእሉ ከባቢ፡ ሓባራዊ ሰላምን ሓባራዊ ዕቤትን ካብ ቅኑዕ ልቦናን ሕጋዊ ቀይድን ወጻኢ ክረጋገጽ ኣይክእልን። ብሓቂ ዞባዊ ሰላምን ሓባራዊ ዕቤትን ዝደልዩን ዘይደልዩን ወገናት ብዝኾነ ኣጋጣሚ ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ ብሓባር ኮፍ ስለ ዝበሉን፡ ተሰማሚዕና ተፋቒርና ኢሎም ስለዝተሓቛቖፉን ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ህዝብታት ብጠንቅነት ናይ ገለ ካባታቶም ተፈጢሩ ዝጸንሐን ዘሎን መሰረታዊ ጸገማት ከም ዝተፈትሐ ገይርካ ብሆታን ዕልልታን ክትዕጅቦ ስምዒታዊ ተርባጽ 'ምበር ንጭቡጥ ህልዊ ክውንነት ዝገልጽ ሚዛናዊ ኣረኣእያ ኣይኮነን።*

*መንግስታት ሓቢሮም ክሰርሑን ዘይክሰርሑን ዝድርኽ፡ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ባህሪኦም 'ምበር ኀረባብቲ ብምኳኖም ጥራሕ ኣይኮነን። መሰረታዊ ፖለቲካዊ ባህሪኦም ድማ፡ ብሕጋዊ ሰነድን ግብራዊ ኣፈጻጽማኡን'ዩ ዝግለጽ ወይ ዝምዘን። ነፍስ ወከፍ ተዛታዪ ኣብ ህዝቡ ብዘለዎ ሕጋዊ ቅቡልነት፡ ግልጽነት፡ ተሓታትነት 'ምበር ከም ቃሕታኡ፡ ኣብ ህዝቡ ዘርእዮ ባህርን ዝኽተሎ ፖሊስን ካልእ፡ ካብ ሃገሩ ወጻኢ እንክኸውን ዘርእዮ ጠባይን ዝኣትዎ ስምምዕን ካልእ እንተኾይኑ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ዘተን ስምምዕን ነዊሕ ርሕቀት ክኸይድ ከምዘይኽእል'ዩ ዘመልክት። ካብኡ ሓሊፉ ድማ ንህዝቡ ንዕቀት፡ ንመዛቲይቱ ከኣ ምትላል'ዩ ዝኸውን።*

*ህዝብታት ካብ ዘለዎም ጸገማትን ሽግራትን ተበጊሶም፡ ዜና ሰላም ሰሚዮም ምሉእን ግብራውን ክኾነሎም እንተተስፈው ሕማቕ ኣይኮነን። እቲ ተስፋ፡ ተስፋ ጥራሕ ኮይኑ ብዘይፍረ ዝሃፍፍ ከይኸውን ኣቐዲምካ ኣብ ምንታይ ዝተሰረተን እንታይ ውሕስነቱን ምርግጋጽ ከኣ ካብ ሓደ ርጉእ ብሱል ህዝቢ ዝግበር ትጽቢት'ዩ። ትማሊ ካብ ህዝቢ ተኸዊሉ፡ ህዝቢ ዝነደሉ ኲናት ዝወለዐ ውልቀ ሰብ፡ ብናይ ትማሊ ተግባሩ ከይተጠዓሰ፡ ከይተናሰሐ፡ በቶም ብዱላት ከይተሓተተ ግቡእ ናይ መቕጻዕቲ ድዩ ይቕረታ ፍርዲ ከይተዋህበ፡ "ባዕላ መውጽኢት ደርፌ ባዕላ መጥፍኢት ደርፌ" ከም ዝተባህለ፡ ሎሚ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ካብ ህዝቢ ተኸዊሉ፡ ከም ጉድኣት ዘየብጸሐ ተራ ባእሲ፡ ናይ ትማሊ ገዲፍና ናይ ሎሚ ንግበር ካብ ሃገርና ሓሊፍና ብዛዕባ ዞባና ንሕሰብ ንለብም ንተሓጋገዝ ዝብል ስብከት ከካይድ እንከሎ፡ ብኣወንታ ብተስፋ ዘይኮነ፡ ብኣሉታ ብጥርጠራ'ዩ ክግጠም ዘለዎ።*

*ኣብ ልዕሊ'ዚ ገባሪ ዘይግቡር ውልቀ ሰብን ስማዊ መንግስታዊ ጉጅለኡን ዝግበር ጥርጠራ ብዜጋታትን ህዝብታት ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ፡ በቶም ብባህሪ፡ ብሕግን ብተግባርን ንዕኡ ዘይመስሉ፡ ግን ከኣ፡ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዘለው ሕርሕራይ ገይሮም እናፈለጡ ምስኡ ተመሓዚና፡ ተፋቒርና፡ ተደሚርና፡ ሓባራዊ ክልተኣውን ዞባውን መደባት ሰሪዕና እንቋዕ ሓጎሰኩም ሓጎሰና ዝብል መግለጺታትን ሙዚቃዊ ድራማን ዘሰምዑ ዘለው ወገናት'ውን ኣካይዳና ከመይ? ዝምድናና ምስ መን? ምስ ህዝቢ'ዶ ወይስ ምስ ሓደ ሓሰብ ደው ኢሎም ክሓስቡ ከጠራጠሩ ይግባእ።*

*ዞባዊ ሰላምን ምትሕግጋዝን ዝሰረቱ ዝምድና ክትገብር ከቢድ ሓላፍነት ዘስክም'ዩ። ማእከሉ ነቶም በቲ ኣይሰላም ኣይኲናት ዝተጎድኡ ህዝብታት ምድባስ ማእከሉ ዘይገበረ፡ ንጠንቂ ኲናት ሃወሪያ ሰላም ገይሩ ዝወስድ፡ ካብ ኣልጦ ህዝቢ ተኸዊሉ እናወሰነ፡ ንህዝባዊ ሰላም፡ ህዝባዊ ረብሓ ይሰርሕ ኣለኹ ዝብል እንተኾይኑ ግን ርሑቕ ከይተጓዕዘ ይጋገ ከምዘሎ ክስቆሮ ዓገብ ምባል የድሊዩ። "ኣዲኣ ገዲፋ ሓትነኣ ትናፍቕ" ከም ዝተባህለ ንህዝቢታት ኤርትራ ተኣማኒ ዘይኮነ ውልቀ-ሰብን ስማዊ መንግስታዊ ጉጅለን ብሃንደበት ንዝጀመሮ ፍቕሪ ተኣማኒ ክኸውን ኣይክእልን። ዞባዊ ጸጥታዊ ርግኣት ኣብ ምፍጣር፡ ዞባዊ ቁጠባዊ ምትእስሳራት*

*ንምጉልባት ኣብ ቃሉ ጸኒዑ ክኸይድ'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ዝከኣል ኣይኮነን። ምስ ከም'ዚ ዝበለ ህዝቡ ዝጠለመ ጉጅለ ቃል ኪዳን ኣቲኻ ንህዝብታት ዘዕግብ ውጽኢት ከምጽእየ ኢልካ ምሕሳብ፡ "ክለተ ጎረሓት ሓሙኽሽቲ ስንቆም" ዓይነት ቅንዕና ዝጎደሎ ሽርሒ እንተዘይተሓዊስዎ ምሒር ፖለቲካዊ የዋህነት'ዩ።*

*ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ መበል* 28 *ዓመት ቁ* 78 *መስከረም* 2018 *"ትስፉው ንቕሎ-ንሓባራዊ-ዕዮ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ መራሕቲ ሃገራት ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማልያ ብ*5 *መስከረም* 2018 *ኣብ ኣስመራ ድሕሪ ዘካየድዎ ርክብ፡ ሓድሽን ትስፉውን ምዕባለ ተወሳኺ ሓይልን ድርኺትን ዝህብ ዓቢ ብስራት ንህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ'ዩ። ሰለስቲኦም መራሕቲ ንሰላምን ጸጥታን ምርግጋእን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ክንዮኡን ብሓባር ክሰርሑ ዝበጽሕዎ ስምምዕ፡ ትግባረኡ ንምክትታል ዘቐምዎ ሓባራዊ ኮሚቴ …ናይ'ዚ ሰናይ ንቕሎ'ዚ ዝኣመተ ዓቢ ፍጻመ ትስፉው ንቕሎ ንሓባራዊ ዕብየት ናይ'ዚ ሰሙን'ዚ እዩ ንዝብል ኣንቢብካ፡ ብዘይ ኣፍልጦ ህዝብታት ኤርትራ ይግበር ምስ ምህላው፡ ምስ ሕዱር ናይ ፖለቲካዊ ምንዝርና ባህሪ ንኤርትራ ዝመርሕ ዘሎ መንግስታዊ ጉጅለ ኣተኣሳሲርካ፡ ኣብ ውሕስነት ቀጻልነቱ እምነት ትስእን።*

*ኣብ መንጎ ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ሰብ ዝሰርሖ ጸገማት ንምፍታሕ ዝውሰድ ሓቀኛ ተበግሶ ብመትከል ቅቡል፡ ኩሉ በብዓቕሙ ኣወንታዊ ድጋፍ ከበርክተሉን ብሞራል ከተባብዖን ከም ዝግባእ ዘተሓትት ኣይኮነን። ይኹን ግን፡ ካብ ህዝቡ ዝኾብለለ ብሕጊ ዘይግዛእ፡ ውዑል ክኸትምን ክኽሕድን ምሰ ዘየሰክፎ ህግደፍ ዝግበር ስምምዕ፡ ቅድሚ ክሳራ ምምጻኡ ደው ኢልካ ምሕሳብ ዘድልዮ ዛዕባ'ዩ። እቲ ኣብ ጋዜጣ ሓደስ ኤርትራ ዝሰፈረ ጽሑፍ ቀጺሉ ከም'ዚ ዝብል ኣስፊሩ ይርከብ። መራሕቲ ሃገራት ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማልያ፡ "ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ንዝበረኽ ዕላማ ብምውሳድ፣ ሃገራዊ ነጻነት፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሓድሕድ ብምክብባር፡ ብሓባር ክሰርሑ ወሲደሞ ዘለው ተበግሶ፡ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ባህጊ ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ ዝነበረ'ዩ" ይብል። እዚ መልእኽቲ'ዚ ንገለ ግሩሃት ንምድንጋር ዝተፈብረኸ ጻዕዳ ሓሶት'ዩ።*

*ስለምንታይ ህግደፍ ናይ ሓባራውነት ኣረኣእያ ኮነ ባህጊ ትማሊ ኣይነበሮ ሎሚ የብሉ። ኣብ መንጎ ልኡላውያን ሃገራት ኣብ ምትእምማን ዝተሰረተ ሓባራዊ ስራሕ ከሰላስሉ ኣብ ዝገበርዎ ስምምዕ፡ ስለምንታይ ሃገራዊ ነጻነት፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሓድሕድ ብምክብባር ብሓባር ክሰርሑ ተሰማሚዖም፡ እዚ ከኣ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ባህጊ መንግስቲ ኤርትራ ዝነበረ'ዩ ዝብል ሰፊሩ? ህግደፍ ብተግባር ኣብ ባይታ ካብ ኣፍልጦ ህዝቢ ኤርትራ ወጻኢ ምስ ዝፍጽሞ ዘሎ ኣሰካፊ ተግባራት ኣዛሚድካ ክረአ እንከሎ፡ ነዚ ሓሳብ'ዚ መን ኣምጺእዎ፡ ስለምንታይ ኣምጺእዎ ንምግማቱ ኣይጸግምን። ብዝኾነ ዞባዊ ሰላምን ቁጠባዊ ዕቤትን ንምምጻእ ዝግበር ፈተነ ቅኑዕ፡ ፈጺሙ ዘይመሳሰል ፖለቲካዊ ባህርን ፖሊሲን ኣዛሚድካ ኣወንታዊ ውጽኢት ከተምጽእ ምሕላን ግን፡ ናይ ግዜ ጉዳይ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ'ቲ ዘራጊት ማይ ዘላተን ኣሓ ጽሩይ ማይ ኣይሰትያን ዝብል ምስላ ከምልጥ ከምዘይኽእል ንምግማቱ ኣይጸግምን።*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡* 10-09-2018